# ንጉማረታት ጸጉሪ ኣልቦ ዝገበሮም ምኽንያት

Basilio Gimo, David Ker
Carol Liddiment
Daniel Berhane Habte
2
ትግርኛ ti

ሓደ መዓልቲ፡ ማንቲለ በቲ ገምገም ፈለግ ይዛውን ነበረ።

ጉማረ’ውን ኣብኡ ነበረት፡ ትዛወርን ገለ ልሙዕ ሳዕሪ ትበልዕን።

ጉማረ ነቲ ማንቲለ ኣብኡ ከምዝነበረ ኣይርኣየቶን’ሞ ብወዝቢ ኣብ እግሪ ማንቲለ ረገጸት። ማንቲለ ነታ ጉማረ እናወጨጨ፡ “ኣቲ ጉማረ! ኣብ እግረይ ረጊጽኪ ከምዘለኺ ክትርእዪ ኣይትኽእልን?” ክብላ ጀመረ።

ጕማረ ንማንቲለ ከምዚ ኢላ ይቕሬታ ሓተተቶ፡ “ኣይትሓዘለይ። ኣይርኣኹኻን። በጃኻ ይቕሬታ ግበረለይ!” ማንቲለ ግና ክሰምዕ ኣይከኣለን ንጕማረ ድማ፡ “ደይመደይ ኢልኪ ዝገበርክዮ እዩ! ሓደ መዓልቲ፡ ክትርእዩ ኢኺ! ዕዳኺ ክትፍደዩ ኢኺ!” ክብል ኣንጸርጸረላ።

ማንቲለ ንሓዊ ክረኽቦ ከደ፡ ከምዚ ድማ በሎ፡ “ኪድ’ሞ፡ ጕማረ ሳዕሪ ኽትበልዕ ካብቲ ማይ ምስወጸት ኣንድዳ። ረጊጸትኒ እያ!”

ሓዊ ድማ፡ “ጸገም የለን፡ ማንቲለ ዓርከይ። ልክዕ ከም ዝሓተትካኒ ክገብር እየ።” ኢሉ መለሰሉ።

ዳሕራይ፡ ጕማረ ካብቲ ፈለግ ርሒቓ ሳዕሪ እናበልዐት ከላ፡ “ሽው!” ሓዊ ተባሪዑ ሃልሃል በለ። እቲ ሃልሃልታ ነቲ ናይ ጕማረ ጸጕሪ ከንድዶ ጀመረ።

ጉማረ እናኣእወየት ናብቲ ማይ ክትኈዪ ጀመረት። ኩሉ ጸጉራ በቲ ሓዊ ሓሪሩ እዩ። ጉማረ ብኽያታ ቀጸለት፡ “ጸጉረይ ብሓዊ ነዲዱ! ኩሉ ጸጉረይ ረጊፉ! እዚ ጽቡቕ ጸጉረይ!”

ናይ ጕማሪ ጸጕራ ብምንዳዱ ማንቲለ ተሓጐሰ። ክሳብ ሕጂ ድማ፡ ካብ ሓዊ ብምፍራሕ፡ ጕማረ ብፍጹም ካብ ማይ ኣርሒቓ ኣይትኸይድን እያ።

# Global Storybooks

globalstorybooks.net

## ንጉማረታት ጸጉሪ ኣልቦ ዝገበሮም ምኽንያት

Basilio Gimo, David Ker

Carol Liddiment

Daniel Berhane Habte

CC BY